# ኮሚሽነር ኮሚሽን ምውህሃድ ምስ ዓቃብ ሰላም ሰራዊት ኣቶ ዓንደብርሃን ወልደገርግስን ኣምበሳደራትን ኣብ ምዕራባዊ ክፋል ግዝያዊ ናይ ጸጥታ ዞባ በጺሖም።

----------0----------

ኮሚሽነር ኮሚሽን ምውህሃድ ምስ ዓቃብ ሰላም ሰራዊት ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣቶ ዓንደብርሃን ወልደገርግስን ኣምበሳደር ሆላንድ ኣብ ኤርትራ ሚስስ ዩካ ብራንድትን ኣምበሳዶር ናይጀርያ ሚስተር ሃሩና ዋንዶን ብምምራሕ ካብ 11 ክሳብ 14 ሓምለ ኣብ ምዕራባዊ ክፋል ናይቲ ግዚያዊ ዞባ ጸጥታ ዝምስረተሉ ቦታ ናይ ስራሕ ዑደት ፈጺሙ።

እቶም ኣምበሳደራት ብመሰረት ዝተዋህቦም ናይ ካርታ መግለጽን ኣብቲ ቦታ ብኣካል ተረኺቦም ብዝገብረዎ ትዕዝብትን፤ ስርዓት ወያነ ካብ ዓዲ ተኽላይ ክሳብ ጎቦ ጎሶሞ ዘተኣሳስር በረኽቲ ቦታታት ሰራዊቱ ብምስፋር ነቲ ዝተሰማማዓሉ ግዚያዊ ናይ ጸጥታ ዞባ ጥሒስዎ ከምዘሎ ኣረጋጊጾም።

በቲ ስርዓት ወያነ ፈጺምዎ ዘሎ ምጥሓስ ግዝያዊ ናይ ጸጥታ ዞባ፥ ካብ ዓድታት ሰፍኣ፥ ደምበ ጸዓዘጋ፥ ጎሰሞ፥ ደምበ ሕምብርቲ፥ ሓጋይቶ፥ ጸሊም ቀላይ፥ ዱማ፥ ዴዳ ላዕላይን ዓዲ ተኽላይን ከምዘይወጸ ኮሚሽነር ዓንደብርሃን ኣብቲ ኣጋጣሚ ኣፍሊጡ። እዚ ከምዚ ኢሉ ከሎ፥ ሰራዊት ወያነ ካብዚ ጥሒሱ ሒዝዎ ዘሎ ከባቢታት ብምብጋስ በብእዋኑ ጥሪት ይዘምትን ህዝቢ የጋፍዕን ኣሎ።

እቲ ኣቐዲሙ ስምምዕ ዝተበጽሓሉ ጊዚያዊ ናይ ጸጥታ ዞባ ብሰንኪዚ ወያነ ዝፈጥሮ ዘሎ ዕንቅፋት ብዘይምቛሙ ድማ ፡ ኣብ ምምሕዳር ንኡስ ዞባታት ላዕላይ ጋሽን ሻምብቆን ዝቕመጥ ዝነበረ ኣስታት 40 ሽሕ ህዝቢ ዛጊት ናብ ዓድታቱ ክምለስ ከምዘይከኣለ ኮሚሽነር ዓንደብርሃን ገሊጹ።

ብኻልእ ወገን ኮሚሽነር ዓንደብርሃንን እቶም ኣምበሳደራትን ካብ ሱዳን ንሃገሮም ተመሊሶም ኣብ ኣኽላላትን ገርሰትን ሰፈሮም መነባብረኦም ዘጣይሱ ዘለዉ ተመለስቲ እናዘሩ ንኩነታቶምን ጸገማቶምን ተዓዚቦሞም።

ብዘይካ እዚ፥ ብዛዕባ መነብሮን ጸገማትን ናይቶም ብወራር ወያነ ካብ መነባብረኦም ተመዛቢሎም ዝጸንሑ ሞ፥ ኣብዚ እዋን ናብ ቶኾምብያን ሻምብቆን ተመሊሶም ሂወቶም ንምምራሕ ዝጽዕሩ ዘለዉ ተመለስቲ፥ ብምምሕዳራት እቲ ከባቢ መግለጺ ተዋሂብዎም።

********ኣ.ዜ.ኤ**********